# ክታበት ኮቪድ-19 ፋይዘር/ባዮንቴክን ሞዴርናን: ሓደ ድዮም?

7 ሰነ, 2021ዓ/ም

**ክታበታት ኮቪድ-19 ፋይዘር/ባዮንቴክን ሞዴርናን ብመሰረቱ ሓደ ኢዮም። ኽልቶኦም አዚዮም ፍቱን፣ ድሕንነቶም ኣተኣማመንቲን ኣፀቢቖም እተፀንዑ ኢዮም።**



## ክታበት ኮቪድ-19 ፋይዘር/ባዮንቴክን ሞዴርናን ብኽልተ ትካላት ዝዳለዋ ግና ሓደ ዝዓይነተን ፍራያት ዳርጋ ማለት ኢየን።

ብኽልተ ተፈላለያ ትካላት ዝዳለዋ ኽልተ ፍራያት ዐሹግ ማይ ዳርጋ ማለት ኢዩ። ነናተን አስማት ዘለወን ግና ድማ ሓደ ዝዓይነተን ፍራያት ኢየን።



## ኽልቲአን ክታበታት ምስ ነብስና ዝሰርሓሉ አገባብ ሓደ ኢዩ። ኽልቲአን mRNA ዝባሃል ቀንዲ ባህርይ ኣሰራርሓ ኣለወን።

ኽልቲአን ክታበታት ብmRNA አቢለን ነቲ ሕማም ኮቪድ ዘስዕብ ቫይረስ መንነት ዘረድእ ሓበሬታታት ነቲ አብ ነብስና ብተፈጥሮ ዝርከብ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ይህብኦ'ሞ ነብስና ነቲ ቫይረስ ንኽለልዮ ዘኽእል ዓቕሚ ከምዝፈጥር የኽእሉዎ። እቲ ስርዓት ምክልኻል ድማ ነቲ ቫይረስ ንምምካት ዘኽእሎ ስርዓተ ተፃዋሪነት ብምድላው ተቐሪቡ ይፀንሕ። እዘን ክታበት ዋላ ዝኾነ ቫይረስ የብለንን።



## ኽልቲአን ክታበታት ነዚ ሕማም ኮቪድ አብምክልኻል ዘረአይኦ ውፅኢት አዚዩ ዝላዓለ ኢዩ።

ድሕሪ ምውሳድ ኽልተ ዙር/ዓቐናት ክታበት ኽልቲአን ክታበታት ነዚ ሕማም ኮቪድ አብምክልኻል ዘርኣይኦ ውፅኢት 95% ከምዝኾነ ብመሰረት ተኻየደ ዓሙቕ መጽናዕቲ ተረጋጊጹ ኢዩ።

ካብ ሞንጎ ኽልተ ዙር ዝወሰዱ ሰባት ኣዚዮም ሒደት ዝኾኑ በቲ ቫይረስ አብዝተለኽፉሉ እዋናት ከማን ማዕረ አስፒዳለ/ሆስፒታል ዘደቅስ ፃዕቂ ሕማም ብምትራፍ/ብምክልኻል ዝተራእየ ውፅኢት ኣዚዩ ዝላዓለ አዩ።

## ኽልቲአን ክታበታት ሓደ ዝዓይነቶም ግና ድማ ልኡም/ቀሊልን ጊዜያዊ ዝኾኑ ጎዳእቲ ሳዕቤናት አለወን።



ክመጽኡ ዝኽእሉ ጎዳእቲ ሳዕቤናት መብዛሕቲኦም መርፍእ አብተወግኣሉ ሰፈር ዝስማዕ ቀሊል ቃንዛ፣ ኣብ ተፈላለዮ ክፋላት ነብሲን ጭዋዳታትን ዝስማዕ ቀሊል ቃንዛ፣ ቑሪ ቑሪ ምባል፣ ድኻምን፣ ረስኒን ኢዮም። እዞም ጎዳእቲ ሳዕቤን ዘጓነፎም ሰባት አብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ከምዝሕሾም ይፍለጥ።

ኽልተአን ክታበታት አብ ጥንሲ ኾነ ንሓዋሩ ቆልዑ ካብምፍራይ ዘትርፍ/ዘሰንክል ሓደገኛ ከነታት ኣየስዕባን ኢየን። ከምኡ'ውን ኽልተአን ክታበታት ምድስካል ደም አየስዕባን ኢየን።

ኽልተአን ክታበታት አብ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ/እመት ብዝውጋእ መርፍእ ኢየን ዝወሃባ። እቲ መውጋእቲ ስሉጥ/ቑልጡፍ ስለዝኾነ ዳርጋ ኣየሕምምን ኢዩ። ብሰንኪ መርፍእ ሓዲኦም ካብቲ ኻልእ ዝለዓለ ወይ ዝነኣሰ አየቕንዝዉን ኢዮም።



## ኩለን ጣቢያታትን ክሊኒካትን መዋህብቲ ክታበት ዝስደደለን ኽልቲኡ ዓይነት ክታበት ኢዩ። ዝውሰነሉ አገባብ ድማ ብእዋኑ ንምግዕዓዝ ዘለዎ ቑሩብነት ጥራሕ ኢዩ።

ንመንግስቲ ካናዳ ዝስደድ ብዝሒ ክታበት ካብ ሰሙን ሰሙን ዝተፈላለየ ኢዩ።



## ውጽኢት ክታበታት ኮቪድ ፋይዘር/ባዮንቴክን ሞዴርናን ማዕረ ኢዩ። ስለዚ ብእዋኑ ዝቐረበልኩም ሓዲኦም ክታበት ብምውሳድ ንነብስኹምን ንስድራቤትኩምን ካብዚ ሕሱም ሕማም ኮቪድ-19 ተኻላኸሉ።



እዚ ቡለቲን ሓጋዚ ኮይኑ ክትረኽብዎ ተስፋ ንገብር ! ናብ ብዙሓት ሰባት ክተባጽሕዎ ንዕድም። ከም ናይ ብድምጽን ብቪድዮን ንኽትቀርጽዎ ነዚ ጽሑፍ ተጠቐሙ። ወይ'ውን ምስ ካልኦት ንኽትካፈልዎ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ተርጉምዎ። ነቶም ምንጩታት እዚ ሓበሬታ፡ ውመንስ ኮሌጅ ሆስፒታል( Women's College Hospital) ፡ ኦካሲ( OCASI) ፡ ታይቡ ኮማዊ ማእከል ጥዕናን ናይ ስዮተናታት 613 በጃኹም ክብሪ ሃብዎም (TAIBU Community Health Centre and Refugee 613)።

*መበገሲ ሓበሬታ: ዕለት 7 ሰነ, 2021 ዓ/ም*


እቲ ኣብ'ዚ ቡለቲን ዘሎ ሓበሬታ ብሓካይም ካናዳ፡ መብ ራሺድ ኤምዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ሸኔሳ ረዱት ኤምዲን ሌክቸረርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ከምኡ'ውን ኣይዛክ ኣይ ቦጎች ኤምዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶን ቅኑዕ መኧኑ ዝተረጋገጸ ኢዩ።

{REFUGEE}613 · TAIBU COMMUNITY HEALTH CENTRE · OCASI Ontario Council of Agencies Serving Immigrants · WCH WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL Healthcare | REVOLUTIONIZED

Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

With contributions from: pchs Serving Diverse Communities